ናይ መጀመርታ ክንክን መብዛህቲኡ ግዜ ንጥዕና ኣገልግሎት ከም 'ኣፍ ደገ' እዩ ዝሪዐ፣ ንሕሙማን ኣብ ማህበረሰብ ውሽጢ ናይ ጥዕና ምዕዶ፣ ሕክምናን ምምሕዳር ጥዕና ይህብ።

ናይ መጀመርታ ክንክን ነዚዐን ዝስዕቡ የጠቓልል:

ናይ ማህበረሰብ ፋርማሲስት
ናይ ስኒ ሓኪም
ኦፕቶሜትሪስት
ናይ ጂፒ ተቀባላይ ዓማውል
ናይ ጂፒ ነርስታት
ናይ ፊዚዮቴራፒ በዓል ሞያ
ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና መንጎኛ መኮንን

ናይ ሕጹጽ ናይ መጀመርታ ደረጃ ክንክን ማዕከል ነፍሲ ወከፍ ኣባል እቲ ናይ መጀመርታ ክንክን ጉጅለ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ሞያን ክእለትን ኣለዎ፣ እዚ ከኣ ንመጀመርታ ግዜ ካብ ቅኑዕ ሰብ ሞያ ጥዕና ግቡእ ደገፍ ንኽትረክብ ይሕግዘካ ።

ኣብ ከባቢኻ ናይ መጀመርታ ክንክን NHS ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ cavuhb.nhs.wales/primary-care-services ወይ ነዚ ዝስዕብ QR ኮድ ስካን ግበር

Primary Choice leaflet TIGRINYA 3-24

ነቲ ክትርእዮ ዝግብኣካ ሰብ ኣብቲ ግቡእ ቦታ ንመጀመርታ ግዜ ብምርኣይ፣ ንክንክን ጥዕና ዜድልየካ ነገራት ብቕኑዕ መገዲ ንኽትረኽቦ ይሕግዝ።

ንመጀመርታ ግዜ ክትረኽቦ ዝግብኣካ እቲ ብሉጽ ጉጅለ ኣየናይ ከም ዝኾነ ርግጸኛ እንድህሪ ዘይኾንካ ብኽብረትካ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ cavuhb.nhs.wales/primary-care-services.

ከምኡ ውን ከኣ ኣብ ከባቢኻ ነቲ ዝርከብ ናይ NHS ናይ መጀመርት ደረጃ ናይ ክንክን ኣገልግሎት ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ መድለዩ መገድታት ክትጥቀም ትኽእል

**#WeArePrimaryCare**

## NHS 111 ዌልስ

ብዛዕባ ዘሎካ ምልክታትን እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዘድልየካ ርግጸኛ እንድህሪ ዘይኾንካ፣ ን NHS 111 ዌልስ ኣብ ኢንተርነት ክትውከስ ትኽእል ወይ ከኣ ብሞባይል ወይ ካብ ናይ ገዛ ስልኪ ብናጻ 111 ክትድውል ትኽእል።

cardiffandvaleuhb @CV_UHB

# PrimaryChoice

## መባእታዊ ክንክን ጉጅለ

እታ መብዛሕትኡ ግዜ መባእታዊ ክንክን ጉጅለ ተባሂላ ትጽዋእ ክንክን ጥዕና ማሕበረሰብካ፣ ክንክን ጥዕና ኣብ ዜድልየካ ግዜ መጀመርታ ትረኣየላ ሕክምና እያ።

GIG CYMRU NHS WALES
Bwrdd Iechyd Prifysgol Caerdydd a'r Fro
Cardiff and Vale University Health Board



## ናይ ማህበረሰብ ፋርማሲስት



ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ፋርማሲስት መድሃኒት ካብ ምእዛዝ ተወሳኺ ክእለት ኣለዎ። ብዛዕባ ንኣሽቱ ሕማማትን መድሃኒትን’ ውን ምኽሪ ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

ገሊኦም ኣብ ማሕበረሰብ ዝርከቡ ፋርማሲስት ነቲ ልሙድ ሕማማት ብናጻ ናይ NHS ሕክምና ክህቡ ይኽእሉን መድሃኒታት ክእዝዙ ይኽእሉ።

## ናይ ስኒ ሐኪም



ሓኪም ስኒ ቓንዛ ግርጻን ወይ ደም ምፍሳስ እንተ ኣልዩካ ከቢድ ኣስናን ሕማም ናይ ኵርምቲ ሓይሊ ወይ ካልእ ዓይነት ቃንዛ ገጽ እንተ ኣልዩካ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

## ኦፕቶሜትሪስት



ሃይስትሪት ኦፕቲሽያንስ ተባሂሎም’ ውን ዚፍለጡ ናይ ዓይኒ ሓካይም ከም ናይ ምርኣይ ጸገም ሕማም ዓይኒ ወይ ጉድኣት ዝኣመሰለ ንጥዕና ዓይኒ ዚኸውን ምኽርን ደገፍን ኪህቡ ይኽእሉ እዮም።

## ናትካ ጂፒ ሕክምና



ምስ ጂፒኻ ብመጀመርታ ክትዘራረብ ከለኻ ምስ ተቀባላይ ዓማውል ክትዘራረብ ኢኻ። ድሌትካ ንምግምጋምን ብመጀመርታ ግዜ ነቲ ግቡእ ናይ ጥዕና በኣል ሞያ ንምርካብ ንክሕግዘካ ብሚስጥራዊ ዝተሓዝ ሕቶታት ንምሕታት ስልጠና ይወሃቦም።

ኣብ ጂፒኻ ነቲ ብሉጽ ዝኾነ ምዕዳን ሕክምና ምእንቲ ክህቡኻ፣ ብዝተፈላለዩ መዳያት ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ኣለዉ።

## ክኢላ ነርስ



ቊስሊ ንምሕካም ምኽርን መርመራታትን ንምርካብ፣ ንክታበት፣ ጸቕጢ ደም ክትቈጻጸሮ ከምኡ’ ውን ከም ኣዝማን ሽኮርያን ዝኣመሰለ ሕዱር ሕማም ክትምርመር ናብ ነርስ ክትከይድ ትኽእል።

## ናይ ፊዚዮቴራፒ ብዓል ሞያ



ሓደ ናይ ፊዚዮቴራፒ ብዓል ሞያ ናይ መገጣጠሚ ወይ ናይ ጭዋዳታት ሕመም እንተደኣ ኣሎካ ምዕዳን ሕክምና ክህበካ ይኽእል።

## ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና መንጎኛ መኮንን



ስነ ኣእምሮ ጥዕና መንጎኛ ሰራሕተኛታት ምስ ጂፒ ሕክምና ብሓባር ብምስራሕ፣ ንሕሙማን ስነ ኣእምሮ ናይ ጥዕና ድሌቶም ንከማልኡሎም ይሰርሑ።

## ናይ ሕጹጽ ናይ መጀመርታ ደረጃ ክንክን ማዕከል



ሓደ ናይ ጂፒ ተቀባላይ ዓማውል ናብ ናይ ሕጹጽ ናይ መጀመርታ ደረጃ ክንክን ማዕከል ክውክሰካ ይኽእል።

እዚዐን ማዕከላት ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ናይ ሕጹጽ ክንክን ንምሃብ፣ ንጂፒ ሕክምና ደገፍ ንክኸውን ምእንታን ተወሳኺ ሓገዝ ይህቡ።

## ጂፒ



ናትካ ጂፒ ንዝተፈላለዩ ኩነታት ምዕዳን ሕክምና ክህብ ይኽእል። መብዛህቲኡ ግዜ፣ ንሕማም ብቀሊል ዝተቃልዑ ክኾኑ ንዝኽእሉ፣ ዝተሓላለኹ ብጣእሚ ከቢድ ሕመም ንዘለዎም ሰባት ክኸውን ይኽእል።